ጐብለል ተሳዒሩ ሕጂስ ተሰኒፉ
ድሓን'የ እናበለ ክሳብ መጨረሻ ከይከፈተ ኣፉ፣

እንታይ ረኺበለይ ነዚ ሓወይ ዓቢ
መኸበር ሰቡ ሓላዪ ሓብሓቢ፣

እንተሰሚዕኩም ዮውሃንስ በልዎ
ይድለ ከምዘሎ እስኪ ሓብርዎ፣

እዚ ሓድሽ ገዝኡ ብዙሕ ዝረሓቐ
ንዓና ምስጢር'ዩ ኣዝዩ ዝረቐቐ፣

ሳባ ኣይትኽእሎንያ ክጅምር መንገዲ
ኣርሒቑ ክገይሽ ናብዛ ሓዳስ ዓዲ፣

ኣታ ሰብ ኣጥፊእና ኣትዩና ዘመተ
ኣባሓጎ ኮይኑ ከየበለ ታተ እግሪ ሰንበተ፣

ተቓላሳይ ኣቦ ኣውሪሱ ውርሻ
ብደቁ ቀሲኑ ክሳብ መጨረሻ፣

በዓል ምሉእ ፍናን ጐምበል ኣቦ ዓቕሊ
ወትሩ ሕጉስ ሃገረይ ብሃሊ፣

ብጸጥታ ኢትዮጵያ ኬንያ ከይተሓለለ
ክሳብ ፍጹም ዓወተ ቃልሱ ዝቐጸለ

ናጽነት ርኣየ ትምኒቱ ሰሚሩ
ናይ ደቃ ክትከውን ኤርትራ ሃገሩ

ሕጂ ግን ደኺሙ ኢድ ሂቡ ዮውሃንስ
ተፈልዩ ካባና ዳገም ንኽይምለስ፣

ምስ ዛራ ንብዓትና ንዓና ገዲፍካ
በል ጐምበል ድሓን ኩን ክንሰናበትካ
ኣብ ሃገርካ ኣዕርፍ ምስ ብጾት ቀሲንካ፣

ኣዘንቱ ናይ ኤርትራ ነቶም ዘይረኣዩ
ኣንጊሆም ወጺኦም ንዓኣ ዝደመዩ።

ትእማር ተስፋሚካኤል